
# ብዛዕባ እቶም ኮተቴ ውሉድካ ትራምዶል ምጥቃሞም የተሓሳስበካ ድዩ፧

እዚ ፓምፍሌት ብዛዕባ እቲ ቁጽጽር ዝግበረሉ ትራማዶል መድሃኒት ኮይኑ ዕላምኡ ከም ወላዲ መጠን ፍልጠትን ምኽርን ንምሃብ እዩ።

ትራማዶል ፍሉይ ዝገብሮ፡ ዘበርትዕን ዘዛንይን ጽልዋ ስለ ዘለዎ እዩ። ኣብ ፈለማ ዘበራትዕ እዩ፡ እንተኾነ ቀስ ብቐስ ግን እቲ ምስካር ልክዕ ከምቶም ካልኦት ኦፖዮድስ (opioids) ተመሳሳሊ ጽልዋ ኣለዎ።
እዚ ከኣ፡ ደረጃ ንቕሓትን ኽጉድል ከሎ፡ ትኽስ ምባልን ህንጡይነትን ካብ ጭንቀትን ዕረፍቲ ከኸትል ይኽእል። ክልቲኡ ማለት እቲ ናይ ቃንዛ ዘህድእ ውጽኢትን እቲ ስኽራንን ድሕሪ ገለ ምድንጓይ ስለ ዘጋጥም፡ እዚ ነቲ ሓደጋ ልዕሊ መጠን ምውሳድ የጋድዶ እዩ።

ትራማዶል ምድራዝ፡ ሕማም ርእስን ዕግርግርን ውን ከስዕብ ይኽእል እዩ። ልዑል መጠን ምውሳድ ናብ ሞትን ንህይወት ኣብ ሓደጋ ዘእቱ ኵነታትን ከም ምንፍርፋር፡ ጸገማት ልብን ሕጽረት ምስትንፋስን ከስዕብ ይኽእል። ገሊኦም ሰባት ትሑት ዓቐን መድሃኒት እኳ እንተ ወሰዱ ከቢድ ሳዕቤን ከኸትለሎም ይኽእል፡ንኣብነት መንእሰያት ብሕማም ምንፍርፋር ክሳቐዩ ይኽእሉ እዮም። ትራማዶል ምስ ኣልኮላዊ መስተ፡ ካናቢስ ወይ ካልእ ሓሽሽ ተሓዋዊሱ ኽትጥቀመሉ ከለኻ ዘለዎ ሓደጋ ይውስኽ።



Länsstyrelserna


### ጭብጥታት

- ትራማዶል ንዝተወሰነ ዓይነታት ቃንዛ ክትጥቀመሉ ዝግበኣካ ቁጽጽር ዝግበረሉ መድሃኒት እዩ። ኣብ ከም ትራዶላንን ኖቢሊጋንን ዝኣመሰለ ዝተፈላለየ ዓይነት መድሃኒታት ንጡፍ ባእታ ይርከብ እዩ።
- ትራማዶል ናይ ኦፒዮድ ጕጅለ እዩ፡ ምስ ሞርፊንን ሄሮዊንን ከኣ ኣጸቢቑ ዝተዛመደ እዩ።
- ልክዕ ከም ካልእ መድሃኒታት ኣብ ከም ትራማዶል ዝኣመሰለ ኣብ ዝተኣዘዘልካ መድሃኒታት ክትውከል ትኽእል ኢኻ።
- ትራማዶል መብዛሕትኡ ግዜ ከም ከንኒና ወይ ካፕሱል ይርከብ እዩ፡ እንተኾነ ከም ኣብ ማይ ምስ ኣተወ ዓፍራታት ዝህብ ከኒና ወይ ድማ ብመልክዕ ፈሳሲ ይርከብ። መብዛሕቲኡ ግዜ ብዘይሕጋዊ መንገዲ ካብ ነጋዶ ውሽጢ ዓዲን ካብ ኢንተርኔትን እዩ ዝዕደግ።
- ግጉይ ዓቐን መድሃኒት ምውሳድ ወይ ንኽትሰክር ዘይተኣዘዘልካ መድሃኒት ምውሳድ ጐዳኢ ኢዩ።  ከምኡ'ውን ዘይሕጋዊን ከም ገበን ሓሸሽ ኣብ መዝገብ ዝሰፈረን እዩ።
- ትራምዶል ሓደ ግዜ ትራም ወይ ትራድ ተባሉ ይጽዋዕ፡ መብዛሕትኡ ግዜ ድማ ምስ ካልኦት ሓሸሽ ብምውህሃድ ኣብ ጥቕሚ ይውዕል።

# ንምፍላጥ ዘሐጕስ

ወላዲ ከም ምኳንካ መጠን፡ ውሉድካ ትራማዶል ይጥቀም እንተሃልዩ ክትፈልጥ ኣጸጋሚ ክኸውን ይኽእል እዩ። ኣብ ፈለማ፡ ትራማዶል ምጥቃም ኣብ ዕዮ ቤት ትምህርቲ ኣሉታዊ ጽልዋ እኳ እንተ ዘይሃለዎ፡ እንተኾነ ውዒሉ ሓዲሩ ግና ብቕዓት ቤት ትምህርቲ እናንቆልቆለ እዩ ዝኸይድ።


ኣብ ትሕቲ ጽልዋ ትራማዶል፡ እቲ ሰብ ዕረፍቲ ዘይብሉን ነዊሕ መገዲ ምኻድ ድማ ልሙድ እዩ። ዕቑን ናይ ብሌን ዓይኒ ምንካይ፡ ዕምቈት ዘይብሉ ምስትንፋስ፡ ዝጸለመ ከበሮ ዓይኒ፡ ትኽስታ፡ ነቓጽ ምኳን ዘይንጹርነትን ዘይንጹርን ዘረባ ምጥቃምን ካልእ ምልክታት ናይ ትራማዶል እዩ።  ናይ ከኒና መትሓዚን ናይ መድሃኒት ካፕሱላትን ድለ።



# ከም ወላዲ መጠን እንታይ ክገብር ይኽእል፧


ብዝተኻእለካ መጠን ብዛዕባ መዓልታዊ ነገራት ክትዛረብ ፈትን። በዚ መንገዲ እዚ፡ ብዛዕባ ከም ኣልኮላዊ መስተ፡ ዕጸ-ፋርስ ወይ ስጋዊ ርክብ ዝኣመሰሉ ከበድቲ ኣርእስትታት ምዝራብ ባህርያዊ ይኸውን። ሕቶታት ሕተት ከምኡ’ውን ስማዕ። ጥቡቕ ርክብ/ዝምድና ናይ ምክልኻል ጽልዋ ኣለዎ።

- ከም እትግደስን ሓደ ሓደ ግዜ ድማ ብሓቂ ከም እትጭነቕን ንገሮም። እንታይ ከየጋጥም ከም እትፈርሕ ግለጸሎም።
- ደረት ግበረሉን ትጽቢታትካ ብንጹር ግለጽሎምን። ብዘይካዚ፡ ንኣልኮላዊ መስተን ከም ካናቢስ ዝኣመሰለ መብዛሕትኡ ግዜ ምስ ትራማዶል ዝተሓሓዝ ሓሽሽን ቀያዲ ኣረኣእያ ይሃሉወካ።
- ንስምዒታትካ እመኖም። ገለ ሽግር ዘሎ ኾይኑ እንተተሰሚዑካ፡ ምናልባሽ ክህሉ ይኽእል እዩ።
- ኣብ ገዛኻ ንዝርከብ መድሃኒታት ተቋጻጸሮ።
- ደገፍ ደሊኻ ንኻልኦት ወለዲ ኣዘራርቦም ነቲ ኹላትኩም ኣብ ግብሪ ኽተውዕሉዎ እትኽእሉ ሕግታት ድማ ተሰማምዑሉ።
- ብዛዕባ ሓደገኛነት ሓሽሽ ኰነ ነቲ ኣብ ኢንተርነት ዝርከብ ሓበሬታታት ብኸመይ ከም እትነቅፎ ክትዛረቦም ናጽነት ይሃልወካ። ሓሽሽ ዝሸየጠሉን ናይ ሓሶት ሓበሬታ ዝዝርግሓሉን ብዙሕ መርበባት ሓበሬታ ኣለዋ።
- ውሉድካ ሓሽሽ ይጥቀም እንተ ሃልዩ፡ ምስኡም ክትህሉን፡ ሓገዝ ንኺደልዩ ክትሕግዞምን ከተተባብዖምን ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ።
  እንተ ተጨኒቕኩም ወይ ዝኾነ ሕቶ እንተሃሊኩም፡ ኣብ መወዳእታ እዚ ፓምፍሌት ምስ ዘሎ ዝኾነ ዝርከብ ሰብ ተራኸቡ።




# ስታቲስቲክስ

መጠን ዝምድና ኣብ 9ይ ክፍሊን ልዕሊኡን ዘለው ናይ ካልኣይ ደረጃ ተመሃሮ ኣብዘን ዝሓለፉ 12 ኣዋርሕ ብዘይ ናይ ሓኪም ትእዛዝ ናይ ቃንዛ መድሃኒት ዝተጠቀሙ።




*Skolelevers drogvanor [ተመሃሮ ቤት ትምህርቲ ኣጠቓቕማ ሓሽሽ]፡ CAN 2020*



**ሕቶ እንተ ሃልዩካ ወይ ሓገዝን ደገፍን እንተ ደሊኻ፡ ናብ መን ኢኻ ክትከይድ እትኽእል፧**

ምስቲ ኣብ ቤት-ትምህርቲ ውላድካ ዝርከብ ኣገልግሎት ጥዕና ተማሃራይ፡ ኣብ ምምሕዳርካ ዘሎ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ወይ ኣብ ከባቢኻ ዝርከብ ክሊኒክ ሚኒ-ማርያ ተራኸብ እሞ ምስ እዚኣቶም ድማ ናይ ኣልኮልን ካልእ ሓሽሽን ጸገም ዘለዎም መንእሰያት ይርእዩ።

**ተወሳኺ ኣንብብ፡-**

Drugsmart.com

Tonårsparlören

Droghjalpen.se

Youmo.se

1177.se